# 14 ግንቦት 2008 – 28 ግንቦት 2019

## ኣብዚ ዝለዓለ ኣገዳሲ ሕቶ

## ምምሕዳር ኣሜሪካ ስለምንታይ ንኤርትራ ሓንቲ ካብተን ኣብ ምምካት ግብረሽበራ ዘይተሓባበራ ሃገራት ኢሉዋ?

## ስለምንታይከ ሕጂ ኣልዒሉዎ?

ብዶ/ር ኣሕመድ ሓሰን ድሕሊ

ነተን ኣብ ምምካት ግብረሽበራ ምስ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ፍጹም ዘይተሓጋገዛ ሃገራት ብዝምልከት ብምክትል ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ኣሜሪካ ጆን ሶሊቫን ብ28 ግንቦት 2019 ዝወጸን ብ29 ግንቦት 2019 ኣብ ፈደራላዊ ማህደር ቁጽሪ 84 ዝተዘርግሐን ንህዝቢ ዝወሃብ ሓበሬታ (Public Notice) ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ኣሜሪካ ቁጽሪ 10781 መሰረት፡ ምምሕዳር ኣሜሪካ ንኤርትራ ካብተን ኣብ ምምካት ግብረሽበራ ምስኡ ዘይተሓጋገዛ ዝበለን ሃገራት ኣውጺኡዋ። እቲ ዝርዝር ንኢራን፡ ሰሜን ኮርያ፡ ሶርያን ቨኒዝወላን ዘጠቓልል እዩ። ከም ዝፍለጥ ምምሕዳር ኣሜሪካ ኣብ እዋን ፕረዚደንት በራክ ኦባማ'ዩ ብ14 ግንቦት 2008 ንኤርትራ ሓንቲ ካብተን ኣብ ምምካት ግብረሽበራ እንኮላይ ነቶም ምስ ውድብ ኣልቓዒዳ ምትእስሳር ዘለዎም መራሕቲ ምንቅስቓስ ሽባብ ሶማል ኣብ ምምካት

ዘይትትሓባበር ሃገር ክብል ብዘይ ዝኾነ ይኹን መርትዖ ኣብ ኣብ መዝገቡ ዘስፈራ። ይኹን እምበር “ምንቅስቓስ ሽባብ ሶማል” ኣብ 2007 ንኤርትራ ሓንቲ ካብ ጸላእቱን ዒላማ ክገብራ ምኳኑን ገሊጹ ምንባሩ ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ እዩ።

እንተኾነ እቲ ኣዝዩ ዘደንጹ፡ ኣብ 2008 ምምሕዳር ኣሜሪካ ንኤርትራ ሓንቲ ካብተን ኣብ ምምካት ግብረሽበራ ምስኡ ዘይተሓባበራ ሃገራት’ያ ምስ በለ፡ ዞባዊ፡ ክፍለ ዓለማውን ኣህጉራውን ማዕከናት ዜና ንመግለጺ ኣሜሪካ ከየጻረያ ወይ’ውን ንሓቀኛ መርገጺ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ጉዳይ ግብረሽበራ ክፈልጣ ኢለን ከይፈተና ንመግለጺ ምምሕዳር ኣሜሪካ ከምዘለዎ ኣብ ምቕላሑ ምጉያየን እዩ። እንሆ ከኣ ሎሚ እዘን ዞባውያን፡ ክፍለ ዓለማውያንን ኣህጉራውያንን ማዕከናት ዜና፡ እዚ ሕጂ ዘሎ ምምሕዳር ኣሜሪካ ንኤርትራ ካብቲ ኣብ ምምካት ግብረሽበራ ኣይትተሓባበርን’ያ ዝብል መዝገቡ ምስ ኣውጽኣ፡ ስለምንታይ ኣቀዲሙ ኢሉዋ ከምዝነበረ ዝኾነ ይኹን ምጽራይ ከይገበራ ነቲ ዜና ከምዘለዎ ኣብ ምዝርግሑ ተቐዳዲመን። እቲ ውሳነ ቅኑዕ ድዩ ነይሩ ጌጋ ናይ ምጽራዩ ጉዳይ ግን ንሰማዕተን ወይ ተኸታተልተን ዝገደፍኦ’የን ዝመስላ።

ነገራት ቅኑዕ መኣዝን ንምትሓዝ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ንግብረሽበራ ድሕሪ’ቲ ብ11 መስከረም 2001 መዓት ምስ ወረዳ እንተ ዘይኮይኑ ቅድሚኡ ትፈልጦ ኣይነበረትን። ህዝብን ሰውራን ኤርትራ ግን ካብ 1952 ክሳብ 1991 ብሓዊ ግብረሽበራ ሃገረ ኢትዮጵያ፡ ድሕሪ ነጽነታ 24 ግንቦት 1991 ኸኣ በቶም ኣብ 1988 ኣብ ሕቑፌ “እስላማዊ ግንባር ሱዳን” ዝተወልዱን ድሕሪ ናይ 1989 ዕልዋ ብስርዓት ሱዳን ዝተመልመሉን ዝሰልጠኑን ጥሩፋት “ጅሃድን” “ኸላስን” ዝተሰምዩ ጉጅለታት ብዙሕ ተሳቂያ እያ። ኣብ መጀመርታ ተስዓታት’ውን “ኣፍጋን ዓረብ” ዝተሰምዩ ግብረሽበራውያን ጉጅለታት ምስ ስርዓት በሽርን ቱራቢን ብምውህሃድ ብዶብ ሱዳን ናብ ኤርትራ ብምእታው ግብረሽበራዊ ስርሒታት ኣካይዶም እዮም። እንተኾነ ግን ኤርትራ ብውሽጣዊ ዓቕማ ከምቲ ንመግዛእቲን ገዛእቲን ዝሰዓረቶም ንግብረሽበራን ግብረሽበራውያንን’ውን ደምሲሳቶም እያ። ስለዚ

ካብዚ ሓቂ'ዚ ክንርድኦ እንኽእል፡ ህዝብን መንግስቲን ግንባርን ኤርትራ ብናይ ደገ ተጽዕኖታት ወይ ካብ ሚካፈልያዊ ኣተሓሳስባ ተበጊሶም ዘይኮኑስ፡ ካብ መትከላዊ ዕግበት ነቲሎም ንግብረሽበራን ግብረሽበራውያንን ብጽኑዕ መኪቶምን ይምክቱን ኣለዉ።

ስለዚ ኤርትራ ኣብ ምምካት ኩሉ ዓይነታት ግብረሽበራ ዓቢ ተመኩሮ ከም ዘወንነት መንግስቲ ኣሜሪካ ከይተረፈ ዝመስክሮ ሓቂ እዩ። ብ10 መስከረም 2002 ሚኒስተር ምክልኻል ኣሜሪካ ነበር ሮናልድ ራምስፌልድ "እዛ 4.5 ሚልዮን ህዝቢ ዘለዋ ንእሽቶ ሃገር ኤርትራ ኣብ ምምካት ግብረሽበራ ክንጥቀመሉ እንኽእል ካብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ንላዕሊ ዝበለጸ ተመኩሮ ኣለዋ" ክብል ገሊጹ ነይሩ። እዚ ድማ፡ ኣብ ምምካት ግብረሽበራ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ክወራዘ ዝኽእል ዋላ ሓደ ከም ዘየለ'ዩ ዘረድኣና።

**ኣብ'ቲ ቀዳማይ ነጥቢ ክንምለስ፡** ስለምንታይ'ያ ኤርትራ ኣብ ሊስታ ናይ'ተን ዋሽንግቶን ብ14 ግንቦት 2008 ኣብ ምምካት ግብረሽበራ ምሳይ ኣይተሓባበራን'የን ዝበለተን ሃገራት ኣትያ? ስለምንታይከ ብ28 ግንቦት 2019 ማለት ድሕሪ 11 ዓመት ካብ'ቲ ሊስታ ሰሪዛታ?

**እቲ መልሲ፡** ምምሕዳር ፕረዚደንት ባራክ ኦባማ ምስ ገለ ናይ ምዕራብ፡ ኤስያን ኣፍሪቃን ሃገራት ኮይኑ ኣንጻር ኤርትራ መሰረት ዘይብሉ ክሲታት ከቅርብ'ዩ ጸኒሑ። ሓደ ካብ'ቲ ክሲታት ኤርትራ "ንምንቅስቓስ ሸባብ ሶማል" ትሕግዝ'ያ ዝብል እዩ። በዚ መሰረት ከኣ ባይቶ ጸጥታ ሰላምን ጸጥታን መንግስቲ ኤርትራ ንምዝራግን ስርዓት ኣስመራ ንምቅያርን ዝዓለመ ብ23 ታሕሳስ 2009 ኣንጻር ኤርትራ ዘይሕጋዊ ውሳነ እገዳ ኣሕሊፉ።

እንተኾነ ግን እዚ ፖሊሲ ብሳላ ጽንዓትን መኸተን ህዝብን መንግስትን ግንባርን ሓይልታት ምክልኻልን ኤርትራ በርዒኑ። ኣብ መጨረሽታ ከኣ ባይቶ ጸጥታ ነቲ እገዳ ብ14 ሕዳር 2018 ካብ ኤርትራ ከልዕሎ ተገዲዱ።

እቲ “ተቀጻጻሪ ጉጅለ ሶማልን ኤርትራን” ብምምሕዳር ኣሜሪካን ገለ ሃገራት ምዕራብን ኤስያን ኣፍሪቃን ተሓጊዙ ኣንጻር ኤርትራ ዘቕረቦ ክሲ መርትዖ ዘይብሉ ሓሶት ምዃኑ’ውን ባዕሉ ኣረጋጊጹዎ።

ባይቶ ጸጥታ፡ ኤርትራ ንምንቅስቓስ “ሸባብ” ሶማል ከም እትሕግዝ ዘረጋግጽ ዝኾነ ይኹን መርትዖ ከምዘየለ ምስ ኣመነ፡ ቁጽሪ 1907 ውሳነኡ ብግብሪ ከምዘፍረሶ ምስ ወሰነን ብ14 ሕዳር 2018 ነቲ ዘይሕጋዊ እገዳ ካብ ኤርትራ ምስ ኣልዓሎን ድማ ንኤርትራ ኣብ ሊስታ’ተን ኣብ ምምካት ግብረሸበራ ዘይተሓባበራ ሃገራት ከተእትዋ ዘኽእል ዝኾነ ይኹን ምኽንያት የለን። እቲ ጉዳይ’ውን ካብ መጀመርታኡ ዝኾነ ይኹን መርትዖ ዘይብሉ ካብ ነውራም ፖለቲካዊ ሕሳባት ዝተበገሰ’ዩ ነይሩ። ኣብ መጨረሽታ ከኣ ብዘሕፍር ኣገባብ ፈሺሉ።

ድሕሪ’ዚ ኩሉ ግን በቲ ብሰንኪ ዘይሕጋዊ እገዳን ውጹእ ናይ ሓሶት ክስታትን ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝወረደ ዓቢ ፋይናንሳውን ስነ-ምግባራውን ክሳራታትን ተፈጸመ በደልን ኣህጉራዊ ባይቶ ጸጥታ ይኹን ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ይቕረታ ኣይሓተቱን። እዚ ኸኣ ንህዝቢ ኤርትራ ሓድሽ ወይ ሃንደበታውን ዘደንጹን ጉዳይ ኣይኮነን። ብታሪኽ ከም ዝፍለጥ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም ካብ ኣበሳ ዝኸፍአ ብዘቕረበቶ ምኽኒት መሰል ነፍሰ ውሳነ ህዝቢ ኤርትራ ግሂሳ እያ። እቲ ሽዑ ዘቕረበቶ ምኽኒት፡ ናጽነት ኤርትራ ንረብሓኣን ንኣህጉራዊ ሰላምን ጸጥታን ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ኣየገልግልን’ዩ ዝብል ነይሩ። እዚ ድማ ረብሓ ኣሜሪካን ኣህጉራዊ ሰላምን ጸጥታን ብዋጋ ርእሰ ውሳነ መሰል ህዝቢ እንተ ዘይኮይኑ ብኻልእ ክረጋገጽ ከም ዘይኽእል’ዩ ዘሰምዕ።

ብዝኾነ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ መሰል ርእሰ ውሳነ ህዝብታት ብዝምልከት ንነፍሱን ቻርተሩን ኣብ ክንዲ ዘኽብር፡ ኣብ 1950 ንኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ብፌደረሽን ብምቁራን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ንፖለቲካዊ ገበን ኣሜሪካ ተግቢሩ።

ህዝቢ ኤርትራ ኸኣ ንሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ይኹን ንውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣይተንበርከኸን። እኳ ድኣ ታሪኻዊ፡ ፖለቲካውን ሕጋውን መሰሉ ንምርግጋጽ ንፍርቂ ክፍለ ዘመን መሪርን ነዊሕን ቃልሲ ብምክያድ ካብ ብሉጻት ደቁ ኣስታት 100 ሽሕ መባእ ምስ ከፈለ፡ ኣብ 1991 ናጽነቱ ጨቢጡ። ኣብ 1993 ዓ/ም ድማ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዘመርሖም ዞባውያን፡ ክፍለ ዓለማውያንን ኣህጉራውያንን ውድባት ዝተሳተፍዎ ኣብ ዘካየዶ ናጻን ርትዓውን ረፈረንደም 99.8 ሚኢታዊት እወ ንናጽነት ብምድማጽ፡ ኣብ ልዕሊ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ኣብ ልዕሊ'ቶም ነቲ ታሪኻውን ፖአልቲካውን ገበናት ኣብ ምፍጻም ምስኣታቶም ዝተመሓዘዉ ሓይልታትን ፍትሓዊ መሰል ርእሰ ውሳነኡ ኣረጋጊጹ። እዚ ኸኣ ንዓታቶም መሰልቶምን ዓቢ ትምህርቲ'ዩ ነይሩ።